# ሓበሬታ ካብ ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ከተማ ዲሲን ከባቢኣን

ብመጀመርያ ንኹሉ ኣብ ደገን ወጻእን ዝርከብ ኤርትርዊ ኣንቛዕ ናብ ሓድሽ ዓመት ንምስግጋር ኣብቅዓና ክንብል ንፈቱ። ቀጺልና 2016 ዓመተ ሰላም፡ ዓመተ ራህዋን ሓጎስን፡ ከምኡውን ዓመተ ጥዕናን ቅሳነትን ክኾነልና ንምነ።

ኩልና ከም እንፈልጦ፡ ኣብዚ እዋን እዚ "መርማሪ ኮሚሽን ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ (COEI)"፣ ኣብ ኤርትራ "ደይ መደይ ኢልካ ዝፍጸም ሰፊሕ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣሎ፡ እዚ ድማ " ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት ወይ ከኣ crime against humanity ኣዩ" ዝብል ጭብጢ ዘይብሉን ብሓሶት ዝተራጎደን ክሲ ኣብ ኤርትራ ኣልዒሉ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ሸሕኳ እዚ ሸርሓንን ተንኮልን እዚ ከምቶም ዝሓለፉ ብዓወትና ክስገር ምዃኑ ዘየጠራጥር እንተኾነ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ነዚ ሓደገኛን ናብ ነዊሕ እከይ ዕላማ ዘቕንዐን ሸርሒ ነቒሕሉን ኣተኪሩሉን ብዕቱብ ክምክቶ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ናይዚ መድረኽዚ ዓቢ ሓላፍነት እዩ።

እዚ ኽሲዚ ከምቶም ዝሓለፉ ክስታት ንኤርትራ ከም ልኡላዊት ሃገር ክትነብር ዘኽእልዋ ኣካላትን ትካላትን ጠቒንካን ኣነዊርካን ኣብ መጋባእያ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ክስታት ንምምስራት ብኡ ኣቢልካ ኸኣ ልኡላዊነት ሃገር ግሂስካ ንኤርትራ ንምልማስን ንህዝቢ ኤርትራ ንምንብርካኽን ዘቕንዐ ምዃኑ ምግንዛቡ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ሓደገኛን ተኣፋፊ መድረኽ ኣምበኣር፣ ኩሉ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጥ ኤርትራዊ ነዚ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ጉዳይ ንምምካቱን ከምቶም ቕድሚ ሕጂ ዝፈሸሉ ንምፍሻሉን ተዓጢቑ ንመርመርቲ ኮሚሽን በቲ ዝካየድ ዘሎ ናይ ምስክርነት ደብዳቤ ምጽሓፍ መኸተ ኩሉ ክጽሕፍን ተቓውሞኡ ከስምዕን ንላቦ።

ነዚ መኸተዚ ዕዉት ንምግባር ብዘይካቲ ሰሙናዊ ዝካየድ መደባት፡ ንቐዳም ዕለት 9, 2015 ኣብ ኢሲሲሲ ካብ 10:00 ቅቀ ክሳብ ምሸት ሰዓት 8:00ድ ቀ ዝኸይድ ናይ መኸተ መዓልቲ (action day) ተዳልዩ ከምዘሎ ክንሕብር ንፈቱ። ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣቶም ዝጸሓፍኩም ደብዳበኹም ተረክቡሉ እቲ ክሳብ ሽው ዘይጸሓፈ ከኣ ዝኣክል ሓበረታን ሓገዝን ዝረኽበሉ መዓልቲ ኮይኑ ኣብዚ "ሎሚ ዘይከተተ ብደዉ ከምዝሞተ" ህሞት ኩሉ ኤርትራዊ ምስክርነቱ ጽሒፉ ከረክብ ንላቦ።

ከምኡውን ሙሉእ ሰሙን ካብ ጽባሕ ሓድሽ ዓመት ጀሚሩ ክሳብ ዝመጽእ ቀዳም መዓልታዊ ሓበሬታን ሓገዝን ቐዳምን ሰንበትን ካብ ሰዓት 2 ድቀ ክሳብ 7 ድቀ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኸኣ ካብ 4 ድ ቅ ክሳብ 7 ድ ቀ ኣባላት ሃገራዊ ሸማግለ ዘድሊ ሓበሬታን ሓገዝን ክህቡ ተዳልዮም ከምዘለዉ ብትሕትና ንሕብር።

ዝተጻሕፈ ደብዳበታት - ኣብ ኢሲሲሲ ፣ ኣብ ኤምባሲ ወይከኣ ብ email - nationalcouncileriamericans@gmail.com ክለኣኽ ዝካኣል ምዃኑ ክንሕብር ንፈቱ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ!!

ሃገራዊ ሸማግለ ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ከተማ ዲሲን ከባቢኣን